# <u>በትሪ ሃቂ ኣይትስበርን ኢያ!</u>

01-02- 12

ከሳብ ሎሚ ኣብቲ “**<u>ለውጢ</u>**“ ዝብል ባሕሪ ኣርእስትና ኢና ዘለና ክቡራት ተኸታተልቲ። ኣብ ውሽጢ ለውጢ ድማ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ተኸታቲሎም ቀሪቦም ኢዮም። ዝሓለፈ ቅንያት ብዛዕባ “መንእሰያትን መድረኽ ጃላነትን“ ዝብል ዝጀመርናዮ ትረኻ ንምቕጻል ኣብ ዝተበገስኩሉ እዋን ከኣ ንገለ ካብቲ ዘዳለኹዎ መደብ ማለት ነቲ መድረኽ ዝምልከት ቃለ-መሕትት ሰሚዐ። ከምቲ ደጋጊሙ ዝግለጽ ዓቕሚ ህግደፍ ኣጋኒንካ ብምርኣይ ንንጥፈት መንእሰያት ዝሓሚ ገለ ግሩህ፡ ገለ ከኣ ኮነ ኢልካ ወኒ መንእሰያት ንምስባር ደቂ ሎሚ ሓሞቶም ዝፈሰሰን ስረ ዘየምሕረሎምን መፍሮቕቲ ኣምሲልካ ዝላኻዕ ወረታት ይስምዑ ኢዮም። በሃሊኦም ባልጃኡ ዝጠራነፈ ሸኺል ጭራሑ ብምኺኑ ንግዚኡ ኣይክንግደሰሉን ኢና። ዘገድሰናስ ብዛዕባ ተበግሶ መንእሰያት እንታይ ይመስል ከምዘሎ ጥራይ ኢዩ።

ዝሓለፈ ኣርእስትና ብፍላይ ኣሰና እንተላይ ብድምጺ ስለዘሕለፎ ንምክትታሉ ዝቐለለሎም መንእሰት ከምዝነበሩ ሰሚዕናዮ። እዚ ከኣ ተራ ናይተን መራኸቢ ብዙሃን ማዕረ ክንደይ ዕዙዝ ምኺኑ ዘብርህ ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ እቲ ካልእ ኣካል ቃልሲ መንእሰያት ክሳብ ክንደይ ሓይሉ ከምዘሎ ኢዩ ዘነጽር።
ብዛዕባ ጋዜጠኛ ስሌማን ዓበ ዘቕረበን ሕቶታትን ጽልዋአንን እናተዘርበሉ፡ ብወገን ወጻኢ ድማ ራድዮ ኤረና ብመገዲ መንእሰይ የውሃንስ ተስፋማርያም  ምስ ገዲም ተጋዳላይ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ዝገበረቶ ዘኹርዕ ቃለ-መሕትት ኣርኪቡና እንሆ። ንእግረ ሓሳበይሲ፡ እዞም መንእሰያትና እንታይ ዝኣመሰለ ክርክር ገጢምዎም ከምዘሎን፡ ተወፋይነቶምን ከይሓሰብኩሉ ኣይሓልፍን። ቕርስና ከይጠፍእ ብመገዲ ሌላ ቱሪዝም ዘዳልዉን ዘቕርቡን፡ ስፖርት ሃገርና ክስጉም ክሳብ ነቲ ማሕለኸኻ ምሕደራ ብጋህዲ ዝነቕፉን ዝዳፈሩን፡ ኣለባብሳኦም ኣመላልሳኦም ከሳብ ክንደይ ንስፖርት ሃገርና ከምዝሓገዘ ብምቕላብ፡ እቲ ኤርትራዊ ዓወት ውድድር ብሽክለታ ብሳላኦም ከምእተረኸበ ጌርና ከምዝቐጸርናዮ ኣተንቢህናዮ ኢና። ብዓንተቦኡ’ውን እኮ መንእሰይ መንኮርኮር ለውጢ፡ ዓታር ዓወት’ውን ኢዩ “መንእሰይ ኣ ይሳለም፡ ዝራብዕ ኣይለምልም“ ድማ’ኮ ተባሂሉ ኢዩ። **<u>መንእሰይን ጋዜጠኛን ምኳን ድማ ድርብ ሓላፍነት</u>** ምስካም ኢዩ። ኣብ ወገን ፖለቲካ ኣብቲ ኩዕታ ናይታ ዝተቐበረት፡ ዝተጠልመትን ዝተደፍነትን ሓቂ፡ ክንደይ ብሉጻትን ዜጋታትና ከምዝሰኣንና ንጹር ኮይኑ፡ ነዚ ዝዋረድ ዝህደድ ዘሎ ምዑት ተጋዳላይ ጋዜጠኛና ብምርኣይና ግን ከምዘይከሰርና ንጸናናዕ ኣለና።

ስለምንታይ **<u>መድረኽ ጃላነት</u>** ከምዝበልኩ ርእሰ-ግሉጽ’ኺ እንተኾነ፡ ክምለሶ ስለዝኾንኩ፡ ንሎሚ ግን ብዛዕባ እቲ ንመስፍን ዘራትዐ ሕቶታት ዕግበት ስለዘይፈጠረን፡ ኣካል ኣርእስተይ’ውን ብምኳኑን ገለ ክብል። መንእሰይ መሸም ብዓንተቦኡ ንለውጢ ብጉስ ኢዩ። እንተኾነ ውፉይ መሪሕነት ከምዘድልዮ ግዳ ኣየማትእን። ከምዝፍለጥ ናብራ ሃገርና ምስመረረ፡ መንእሰይ ከኣ ሓጹር ጠጥሒሱ ክነፍጽ ኣብዝጀመረሉ እዋን ብወገን ህግደፍ ሓደ ዓቢ ፖለቲካዊ ስራሕ ተወጠነ። ገለካብ ላዕለዎት መራሕቲ ህግደፍ ድማ ነቲ ስራሕ ንምዕማም ተመዚዞም ክስዕቡ ተራኣዩ። ጸኒሖም ነብሶም ከምተቓወምቲ ህግደፍ ጠሚቖም ብወግዒ ከምዝቃለሱ ብምእዋጅ ተቓለስቲ ክስዕብዎም ምስተቓልሐ፡ መንእሰያት ኣብዘዝነበሩዎ ኣውራኺ ኣብ ሱዳን ቅሩብነቶም ብጽቕጥቅጥ ተሰሪዖም ከምዝገለጹ ናይ ትማሊ ታሪኽኢዩ፡
ሓደ ካብቶም ተስፋ ዝተገብረሎም መራሕቲ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ነበረ። ኣስማተን’ኺ እንተዘይሓዝኩወን ንሱ ቅድም ምስመሳርሕቱ ነበር፡ ድሓር ንበይኑ ኣብዝነጠፈሉ ሰልፋዊ ዕማማቱ’ውን መንእሰያት ቀዳሞት ተሰለፍቲ ምንባሮም ተወርዩ ኢዩ። ትጽቢት ለውጢ ከም ሕርሲ በኺር ዝተጸበዮ ኤርትራዊ መንእሰይ ግዳ ካብ ክቡር መራሒኡ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ዘይተጸበዮ ኮነ፡፡ ንሱ ቅድም ምስቶም ከምቲ ከምኡ ላዕለዎት መራሕቲ ነበር ክሰናበት እንከሎ ድሒሩ እውን ካብቶም መንእሰያት ተነጺሉ ምስቲ ናይ ቀደም ገለ ክፋል ተሓኤ ተጸጊዑ ከምዘሎ እናተረዳእኩን እየ ምስ ራድዮ ኤረና ዝገበሮ ቃለ-መሕትት ክፍኖ ሰሚዐዮ። ቃለ-መሕትት ምግባሩ ሓድሽ ኣይኮነን። ከምቲ ዝሓለፈ፡ ሎሚ ድማ ብመልስታቱ ዘይዓገበ ጋዜተኛ መንእሰይ የውሃንስ ተስፋማርያም፡ ሰማዕቲ ርኢቶ ክህቡ ብዝሃቦ ሓደራ ብዙሕ ክጸሓፍ ከም ዝከኣል ርዱእ ኢዩ።

ኣቐዲመ ኣብ ልበይ ማዕረ ፕረሲደንት ኢሰይያስን ካልኦት ኣጥፊኣሞም ዘለዉ ንጹሃት ሓርበኛታትን ገይረ ከምዘኽብሮ ክገልጸልኩም እፈቱ። እንተኾነስ ክብሮም ብምትንካፈይ ምስድፍረትን ምልኻዕን ክመስል ይኽእል ኢዩ’ሞ ከ

ምኡ ከይትሓስብዎ እላቦ። ኣይለመዶምን ማለት እንተዘይኮይኑ ንኩላህና ከምዝተጋደሉ መጠን ብገዛእቲ ዝተሎጉመ ኣፍና ክፈትሑልና እንተዝረኣዩ ዝበለጸ ምኾነ'ንዶ። እእ፡ ኣይከኣሉን። ኣብ ታኼላ ገዛእቲ ተሸሚሞም ከምቅቡል ክንወስዶ ክጉስጉሱና፡ ብክቱር ልውሃት ልብና ደንጊጻ ከነዋደወቖን ከልዝቡናን፡እዚ ምስዘይኸውን ድማ ከተፈራርሃና ዝሓለነት እኪት ሕልና ብጽሕፈትና እንተኣንጸርጺራ፡ ብትሕዞ ከድኣ እንታይ ኢያ ክትፈድየና? ንኺድ በሉ፡- ዕድመን ኩነታት ኣሰላልፋን መስፍን፡ ከምቲ በቢመድረኹ ዝነበረ ናይ ኩላህና ደቂኤርትራ"ኺ እንተኾነ **'ብምቅርራ ብ'** ምስላፍን ካልእን ከምዝፈላለዩና ድሒርና ብሓርኮትኮትና በጺሕናዮ ኢና። ዝኾነ ኮይኑ ዕድመና ምስኦም ከምዝበለየ መጠን ጸገማትና እንታይ ይመስል ነይሩ? **ናብዚ ሓድሽ ወለዶ ክሰጋገሩ ዘይብሎም ሕማቕ ስራሓትከ** እንታይ ዝኣመሰሉ ኢዮም? ኣብ ዝብሉ ክምለሱ ዘለዎም ፈተንቲ ሕቶታት ከነተኩር ይግባእ። ምስቲ ኣርእስተይ ዝዋሰብ ገለ ካብቲ ብዝተፈላለየ ጥበብ ሓበሬታ ብምኽላእ ክስማዕ ዘይደልይዎ ቅቡር ድምጺ ካብተሰምዐ፡ ናይ ምግባር ዓቕሙ ከምክኑ ኣብዝቃለስሉ እዋን፡ቀራሪመ ለቓቒመ ዘይኮነስ፡ ጨላሊፈ ቀናጪበ፡ ካብቲ ባዕሉ ዝመለሰሉ ጥራይ ከብርህ ከምዘይጸልእዎ እናተረዳእና ከነቕርብ እና። ርግጽ ዓርኪ መሰታኦም ብዘይምኳንና ከይግደሰሉ ይኽእል። ከሕምሞም'ውን ኣይኮነን። ዓርኪመሰታ መሸም ኣብ ንቡር ህይወት ጥዑም ኢዩ። ሰብ ዘይንሱ ክመስል፡ ከደናግር፡ ክግብት ክፍትን እንከሎ፡ ዋላ ኣብ ርሑቕ ዓዲ እንተኾነ'ውን ኣቀላላዕ ስለዘሎ ከባድምዎ ኣለዎም ንዓርኪ መሰታ። እንተ ብተጽዕኖ እንተ ብፍጥረት ኣብቲ ኩነት'ቲ ኢዩ ዘሎ መስፍን። ዝኾነ ኮይኑ ግዜ ብምንውሑ ብዛዕባ ወነንቱ ዝበረሱ ዛንታ እንተኣጠራጢርና እስከ ብዛዕባ ህሉዋት፡ ብዛዕባ እዚ ዘሎ መድረ ክንዛረብ።

ሓደ ካብ መሪሕነት ዘርከብኩሉ መስፍን ሓጎስ፡ ገንዘብና ወርቅና፡ ሕሩድና ሙቱርና ኣብታ ሳንጣኡ ኢያ ዝነበረት። ንሱ ብዝነበሮ ልምዲ ቃልሲ ሳንጣኡ ኣብ ቱሽቱሹ ተኾልኹሉ በይኑ ካብ ሳሕል ተበጊሱ ብዘይዕረፍትን ንኩሉ ተጻብኦ ተሓኤን ባህርን ተጻዊሩን ባሕሪባራ ዝድርገም ሙዑት ተጋዳላይ ስለዝነበረ ምስ ገመል ምድረበዳ ነዳርጎ ነበርና እቲ ዝና ሓንሳብ ኣብ ኣእምሮና ስለዘስረጽናዮ፡ ብኣስማቱ ናይቶም ሰብ ቻይና ነገር ዓዚዝና ክንወርሶም ክንደይ ዘይተነፋፋሕና!! ተመላኺዑ ድዩ ሓቅነት ነይርዎ ከይተመራመርና'ውን ኢሰይያስ ካብ ዙርያኡ ብፖለቲካ ቀዳማይ፡ ብውትህድርና ካልኣይ፡፡ መስፍን ከኣ ከምኡ ካብ ዙርያኡ ብውትህድርና ቀዳማይ ብፖለቲካ ካልኣይ ደረጃ ከምዝነበሮም ስለዝተወረየ፡ ብዓንተቦኡ ነቲ ድሓር ክቆጻጸርዎ ዝነበሮም ስልጣን ተሓዚእሎም ኢዩ ዝነበረ። ከምኡ ኢሉ እንበኣር ወዮ ግሩህ መድረክ ሓለፈ።

ነገራት ክስትብሃለሎም ዝጀመረ ድሕሪ ምዝላቕ ኢዩ። መስፍን ሓላፊ ክፍሊ ቁጠባ ነይሩ። ኢብራሂም ድማ ሓላፊ ወተሃደራውን ታዕሊም። ክልቲኦም ከኣ ኣባላት ናይታ ብኢብራሂም እትምእከል ወተሃደራዊ ኮሚተ ነይሮም። ዋላ እኳ ኮነ ኢልካ መስፍን ትኸትንፋስ ኢብራሂም ምኳኑ ይወረ'ምበር፡ ኣብቲ ሞያ ዘድሃበን ኣውራ ከኣ መስፍን ኣብ ቀዳማይ ወገን መሪሕነት ተመሪጹ ክንሱ፡ ምስጢር ናይታ ገዛእ ውድቡ ኣሕሊፉ ንካልኣይ ወገን ማለት ናብ ኢሰይያስ የቕብል ጸኒሑ ድሒሩ ከኣ ብኣካል ከዲዕዎም ናብ ካልኣዩ ስለዝተሻሕሸሐ ብዝፈጠሮ ሕዱር ቅርሕንቲ ናይ ትሕቲ ጣውላ ናይ ኩርንዒት ጉስጢ ከምዝነበረስ ይሰሉኽ ነይሩ ኢዩ። ኣብ ኣመሰራርታን ጸብለልትነትን ስልጣን ሰልፊ መን ዓብለለ፡ መሰረት ቅዝፈት ኣሽሓት ንጹሃት ከምዝነበረ መስፍን ናበይ ክዓብጦ ይደሊ ኣሎ ሎሚ?
ኣብ 1985 መስዋእቲ ናይቲ ከም ትሕጃ ጽባሕ ዝተጸበናዮ ሓርበኛ ተወረየ'ሞ ከምቲ ናይ ሽዑስ ንሙሉእ ዕምርና ከ ምዘይንእበድ ብግልጺ ተጋህደልና።ንሱን ከምኡን ዝመሰረቱ ኢዩ ድማ ጆን ሕቶ ዘሕተቶ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ከምእኒ ናይ ኪዳነ፡ ወልዳይ፡ ትኩእ፡ ኢብራሂምን ካልኦትን ቅነጻላ ከምዝነበረ'ሞ መስፍን ብዝነበሮ መዝነት ሓቂ እንተኾይኑ ዝፈለጦ ክገልጸሉ ተሓቲቱ፡ ነቲ ቅዱም ብዘይ ምዕጥጣይ ክገልጽ እንከሎ፡ ብዛዕባ ዳሕረዎት፡ናይ ኣብ ውሽጢ ውድቡ ዝተፈጸመ ከም ናይ ትኩእን ኢብራሂምን ቅንጸላ ግና፡ በቲሓደ ደላይ ጭብጢ እናመሰለ ንትኩእ ተሓኤ ከምዝቐተለቶ ከምዝኣመነ፡ በቲካልእ ንሱ ኣብዘይነበረሉ መስዋእቲ ኢብራሂም ብዝሰምዖ ወረ ከምጭብጢ ከብርህ ፈቲኑ። ቅድም ቀዳድም መስዋእቲ ትኩእ ክምስክር ዘይከኣለ ብሂወት ዝተረፈ መዋዕልቱ ጣቓ ኣለዎዶ ትብልዎ? ሕራይ እንዶ ንሱ ከይርሕቀና፡ በሉ'ስከ መስዋእቲ ዓፋ ከመይ ነበረ?

**"ኢብራሂም ዝሓዛ መስርዕ ኣብ ጎቦ ዓጋመት ብዘይመላስ ኣውያት ብሱልኳ ስለያ ተደምሲሳ"** ኢዩ ነይሩ እቲ ሽዑ ዘስደመመ ዜና። ኣስደሚሙ ምኽንያቱስ እታ ናይ ስለያ መስርዕ ከመይ ኢላ ነቲ ሓጺናዊ ሰንሰለታዊ ዕርዲ ተጋደል

ትን ክፍልታት ሰራዊትን ሰጊራቶ? ጸላኢ ካብ ዕርድታቱ ድሒሩ ስለዝነበረ ከመይ ኢላኸ መስርዕ ስለያ ከይተራእየት ክሳብ ጎቦ ዓጋመት ክትበጽሕ ክኢላ? ንመስርዕ ሓርበኛታት ከተላእም ውግእ ከፊታ ክንሳ ከመይ ኢላኸ ብዘይ ዝተራእየ ክሳራ ተሰዊራ ቦታኣ ተመሊሳ?........ ።

መልሱ ሎሚ ካብቲ ቀንዲ ዓርኩ፡ ካብ ኣፍ መስፍን ተሰምዑዎ ኣለኹም። "ጸላኢ ንዝገደፎ መሬት ክምለሶ ብጋንጽ ላ/ፓራሾት/ ገይሩ ካብ ዝወረደ ሓይሊ ዝጠፍኣት መስርዕ ናብቲ ንሱ ዝነበሮ ጎቦ ደይባስ፡ንመስርዕ ሓርበኛታት ደምሲሳ" ኢዩ ዝብል ዘሎ። መሸም ወተሃደራዊ ዛንታ ንወተሃደራዊ ክዉንነት ዝገልጽ እንተዘይኮይኑ ተኣማኒ ኣይኮነን። ብዙሓት ተዛመድቲ ሓቅታት ኢዮም ድማ ነቲ ሙሉእ ስእሊ ዝህቡ። ንበል ሓደ ሰብ "ተባሪቓትኒ" ኢሉ ብጥይት ሰብ ቀተለ። ሓቂ ድዩ፡ ናይ ቂም ድዩ፡ ተላኢኹ ድዩ ፈጺምዎ.....ብኸመይ ነረጋግጾ? ማለተይሲ መስፍን ኣብእተድ ምዖ ጉዳይ " ኣይፈለጥኩን፡ ኣይረኣኹን፡ ኣይሰማዕኩን......." ዝብል ሓንኳል መልሲ እናኣዘውተረ፡ ንሱ ኣብዘይነበረሉ ብዛዕባ ዝተፈጸመ ቅትለት ከመይ ኢሉ ብርግጸኛነት ተዋሰአ? ብተወሳኺ ሽዑ ዝወረደ በዓል ጋንጽላ ነይሩ ዲዩ? "ከርክበካ ኢየ ኢለዮ ነይረ" ማለት ምስ ምፍልላይ ትማሊ ብኸመይ ይዋሰብ? እምበርከ ካብ በዓል ኢብራሂ ም ውጻእ መዓት ዝበሃል ከዘንቱ ዕድል ዝረኸበ ሰብ ነይሩ ድዩ?.........

ሎሚ ግን ናይ ዓይኒ ምስክር ከምዝነበረ ሰሪሑ ቀሪብልና ኣሎ መስፍን። ጽባሕ ድማ ነታ ዘይደፈሩዋ ምስምስ ማለት ሎሚ ሓድሽ ዜና ምድማሳስ ናይታ ሽዑ ንሓርበኟታትና ዝደምሰሰት መስርዕ ከበስሩና ኢዮም፡፡ኣስተውዕሉ ሽዑ ንሓገዝ ዝተበገሳ ኣሃዱታት ባዕሉ መስፍን ከምዝመለሰን ተገሊጹ ነበረ። በትሪ ሓቂ ቀላሊዓ ኮይና እምበር ሽዑ ኣብ ቅድሚ ቀተልቲ ክልተ ዕድላት ከምዝተገተራ ተተንቲኑ ነይሩ ኢዩ። ቅንጻላ ሓርበኛታት ብዘይድምጺ ስለዝተሳለጠ፡ ሓደ ኣፉ ሽታ ማይ ክትከውን ምጽቃጥ ዝብል ኣማራጺ ሓሳብ ቀሪቡ ነይሩ። ከምዘየዋጽእ ምስተገምገመ "ስለያ ኣትያ ፈጺማቶ" ተባሂሉ።

ዓገብ!! ባዕሉ እቲ ዝተኻዕወ ንጹህ ደም "ተጋለጹ"ኢልዎም ኢዩ በሉ ብድምጺ ኣልቦ ዛሕዚሐሞም ክንሶም ከምስሉ ዕምብረ ጠያይቲ ዝሻሕሽሕዎ። እንተኾነ ንሱ'ው ኣየዋጸአን። ኩነታት ነይሩ ካብበሉና ለይቲ ዋርድያ ከየውጽአት ትሓድር ኣሃዱ ኣይነበረትን። "ቀትሪ እምበር"፡ ካብበሉ ድማ መስርዕ ዓይና እናረኣየ፡ እዝና እናሰምዕ፡ ራድዮ እናሃለ ዋ ብዘይ ናይርድኡና ጻውዒት ጠፊኣ ምባል'ውን ኣየዋጽአን'ሞ ብዛዕባ'ቲ ነገር ዘተንፈሰ ዘበለ ኣብኣ ትደዮ ኮነ ድሓ ርሲ። ዝኾነ ኮይኑ ኣንጊሁ ነቒሉ ንኢብራሂም ዝወሓጠ ዝብኢ ኣይነቁ'እምበር ሓደ መዓልቲ ክህደን ምኺኑስ ኣይተ ጠራጠርናን። ድሓን ድማ እዛ ናይ ሎሚ ንእሽቶ ነኻል ጽባሕ በዞም መንእሰያት ሓቃ ክትበጽሕ ኢያ'ሞ ከምቲ የውሃንስ ዝበሎ ትጽናሓልና ጥራይ።

ጋዜጠኛ ጨኪንልካ መስፍን፡ ንሱስ ቅንዕናኡ ጥራይ ኣቐዲሙ'ምበር ንሓደ ሰብ ኣብ ጻልጣ ጎልጎል ሰብ ጥራይ ዘይኮነ፡" **ሰባት ዶ ሃንኹትካ ኢኻ"?** ኢልካ እንክሕተት፡ ብገዛእ ተግባራቱ ዘየለፋልፍ መዓስ ኮይኑ።እንተኾነስ ዋላ እንተገበሮ መን ከምዘይሓቶ ኢዩ ፈኺሩ።እቲ ፍላይ ማንታኡ'ውን "ኤርትራ ንምግዛእ መንዶ ኩንትራት ሂብኒ ኢዩ" እንድዩ ኢሉ። ንሓዋሩ የቕልሎ ድኣ ንበል እምበር ካብቶም ኣመሪካውያን ኮኑ ጠፉንቕ ኣጋንንቲ ቓይና ዝለኸዕዎም ክልቲኦም መስረትቲ ናይቲ ሰልፍን ብሂወት ዘለዉ ቀተልትንከ እንታይ ዝኣመሰለ ሓቂ ትጽበዩ?

ገለ እንተወሰኽና ኣይትጽልእዎ። ግዳይ ናይታ ሕብእቲ ሰልፊ ኢሰይያስ ዝኾኑ ንጹሃት ተጋደልቲ መሸም ኣባላት ናይታ ከምትነብር ወይ ከይትምስረት ዘስግኣቶም ሰልፊ ኢብራሂምን ኣድነቐቱን፡ ወይ ከኣ ጽባሕ ነጻ ህላወ ክውንኑ ከምዝኸእሉ ተሰጊኦም ዝተቐዝፉ ኢዮም። ሕብእቲ ሰልፊ እናወነኑ ኣብቅድሚዜና ኣድላይነት ሰልፊ ዝኸሓዱ በዓል መስፍን፡ ሎሚ ግዜ ሓሊፉስ ዒራ መን ከይነግረሉ፡ ሰልፊ፡ናይቲ ግዜ ፋሽን ስለዝነበረ ምስ ከምኦም ሓለፍቲ ተረዳዲኦም ከምዘቐሙዋ ከረድኣና ፈቲኑ። ሽዑ ብጭብጢ ንዘቃልዕዎም ከምብዓል ብጻይ ጎይትኦም ዝኣመሰሉ ብመገዲ  ሓለዋ ሰውራ ወጊነሞም እንድዮም። ወገናቶም ኣይነጸረን እናተባህለ ብጸኒሕ ኣብ ማእሰርቲ ዝበለዩ፡ ዛዕጊፎም ምስ ወጹ ዘጓነፎም ተነጽሎን ዘይግቡእ ሞትን ይርሳዕ ድዩ? መስፍን ሎሚ ብ**"ኣይፈለጥኩን"** ከምዝምልሶም ዘየጠራጥሩ ማእለያ ዘይብሎም መስዋእትታት ንፈልጥ'ኮኢና፡

ኣብነት፡- መስዋእቲ ናይቲ ምስ ሙሉኣት ኣባላቱ ዝተሰውአ ኢሰይያስ ተወልደ/ ወዲፍላንሳ። ንሱ ኣብ ዓላ ዝተሰለፈ ዝነኣሰ ኣባል ኮይኑ፡ ክሳብ መስዋእቲ ኣብራሃም ከይተረፈ ኣጸቢቑ ዝፈልጥን ዝመከተን ብምንባሩ ካብታ ሰልፎም ጓንየሞ ነይሮም። ምስጢሮም ምስኣጋለጾም ድማ ክሳብ ግዜ ዝረኸቡ ብዘይፍታዎም ንማለቱ ብሓለዋ ጸንቢረሞ ነይሮም ተዓዊቶሙሉ ከኣ።ኣብ ሰሙኑ'ውን ብዓልቲ ቤቱ "ተሰዊኣ" ተባሂሉ ምስ ዝረኣየቶን ዝፈለጠቶን ምስጢራት ተደፊና።ሎሚ ከምቲ ናይሽዑ ሃበስቀደስ እንተተወርየ ንመን የእምን?

“ልቢ-ተጋዳላይ“ ብእትብል ልቢሰባት ዝሰለበት ጽሕፍቲ እተሰነየ መስዋእቲ ዓሊ ኢብራሂም ምስ ስለምንታይነቱ ን ዝክሮ ኢና። መስዋእቲ ናይቲ ኣብ ድቕድቕ ኢትዮጵያ ፈንጂ ጠቐሊባቶ ዝበሉና መኮንን ጉብጣን፡ ከምኡድማ ኣብ ኵናት ኣጋጢሙ ካብ ዝተባህለ ናይ ወዲሓምቢር ብፍሉይነቱ ክጥቀስ ይከኣል። ኣበሳኡ ድማ ኣብድሮ ናጽነት ኣባል ናይታ ሕብእቲ ሰልፊ ክኸውን ዕድመ ቀሪብሉስ፡ ንሱ ከኣ ባህጋ ኣይነበሮን ስለዝኾነ ከምዝነጸጎ፡ ስለዚ ብሕጊ ሕቡኣን፡ ምስጢር ዝፈለጠን ዝገበረን ዘቃልዖም ምውጋኡ ስለዝኾነ ኣብ ድሮ ፍጻመ ኵናት ናጽነት ኣብእዝኑ ጣልጋ /ጥይት/ ከምዝሮኩዑሉ ተወረየ።......... ቅንጸላ ጸረ-ሰልፍነት ሕጋውነቱ ምስኣልበሱ፡ ጸኒሑስ ሳዕሪሩ ናብ ዘየሕትትን ተራ ዝመስል መርሽንቲ ወሪዱ ነበረ። ክልተ ኣእዳዉ ብእሱሩ፡ መንደቕ ማእሰርቲ ኵዒቱ ብምውጻእ ድቁሳት ዋርድያ ከይረኣይዎ ወጺኡ ክንሱ፡ኣቤቱታኡ ከቕርብ ብሰላም ናብቤቶም ንዝመጾም ሰለሙን ወልደማርያም ዘስምዕ ባህጊ ኣይነበሮምን’ሞ ብኡ ንብኡ ከምዘካረጅዎ ሰሚዕና። ምክራጁ ዘይሰማዕና ናይቲ ብተመሳሳሊ ካብ ማእሰርቲ ካልኣይ መደበር ኣስመራ ወጺኡ ክንሱ ህድማ ዘየብሃነ ቢተወደድ ኣብርሃ’ውን ስለዘይተርፍ ንጽበዮ ኣለና።

ቅንጸላ ብዙሕ ዓይነትን ምኽንያትን ኢዩ ነይሩዎ። እቲ ርዱእ ኣብ ማእሰርቲ ዝርአ ከም ንጉጅለ 15 ዘጓነፎም ጥራይ“ኧ ንክስስ ኣኻሊ ነይሩ። ብዙሕ እዋን ዝተራእየ ድማ፡ ዝሓየሎም ሰብ ብድኸመቱ ከሰንፍዎ እንተኸኢሎም፡ ወይ ክሃድም፡ ወይ ከኣ ነብሱ ክቐትል ከምዘለዎ ዝሸሕጡ መስሓትያን የዋፍሩ ነይሮም። እዚ፡ ውራሻ ሰልፊ ናዚምኧኑ ኢዩ። ኣሽዓል ወዲዘርአ ሓደ ኣብነት ካብ ነብሰ-ቅትለት ክጥቀስ ይከኣል። ከምርዱእ ኣሽዓል ንኢሰይያስ ሓንቲ መዓ ልቲ ሓደጋ ከይወድቆ ይፈርህ ምንባሩ ይፍለጥ ኢዩ። ድሕሪ ናጽነት’ውን ብተነጽሎ ኣዕሩኽ ኣልኮል ገይሩ ዝተዓወተሎም ከምዘለዉ ንፈልጦ ኢና።“ኣልኮሊዛቶ ገባእኩ“ ይብል ከምዝነበረ ኢያ ነዚሓ ራድዮ ኣስመራ። ወዲናውድ ግ ን እንታይ ከምዘጋጠሞ ዝፈለጠ ይፈልጦ ኢዩ። ካብቶም ቀዳሞት መራሕቲ ሓይልታት ዝነበረ ስምረት ወዲግራዝምቸ፡ ገረዝጊሄር ቀሸን ካልኦትን፡ ሰኽራማት ወይ ዝንቡላትን ዕቡዳትን እናተወርየሎም ክሳብ ህይወቶም ምምራሕ ስኢኖም ነብሰ-ቅትለት ፈጺሞም።ኣብ ውሽጢ ህሉዋት ኣርካናት ዘሎ ፈተና ድማ ግዜ ባዕሉ ክገልጾ ኢዩ። ብረቂቕ ብልሓት ጉዳይ ውልቂ እናመሰለ ብኢድ ሰብ ዝተቐትሉ ብጾት’ውን ኣለዉና። ልቡ ሰቲኧቶ፡ካብ ኣስካላ ሽተት ኢሉ ብመአከብ ሓመዱ ፈጠቕ ስለዝበለ ተኻርጁ፡ ካብ ጽርግያ ምስማኪናኡ ተዓንቂፉ ንገደሉ ተነቝቱ............ኣቱም ሰባት፡ ከሳብ ለይቲ ሎሚ’ቲ ዝርዝርን ጭብጥን ማእለያ የብሉን። እንተኾነ ንሳቶም ክትፈትዉዎ ክትጸልእዎ ዝገበሩ ገይሮም ሳላ ከምኡ ዝገበሩ ዓወት ከምዘምጽኡ እዩ ዛንታኦም። እሞ ብዓንተቦኦም ነዚዘሎ ብሕትውና ከምእ ተቓለሱስ ብድፈኖ ዕበጦ ዝዕበጥ ኣይኮነን። መስፍን ተሓኤ ንዝገበረቶ ገበናት ክምርምር ስልጣን እንተነይርዎ፡ ገበናት መስፍን እትምርምርን፡ ነቲ ካልእ ቃል፡ ነቲ ዕቡስ ድምጺ እትሰምዕን ኮሚተ መንሰሰያት ድማ ተድልየና ኣላ። ዘረባ መስፍን ነጥቢ ብነጥቢ ኣደናጋርን ተነጻግን ይኹን’ምበር፡ ንሳቶምኧ ንክገብርዎ ዘይተጸገሙስ፡ ንሕና ንክነዘንቱ ጸገም ስለዘይብሉ፡ ክንብሎም እንኽእል ውሑዳት ጥራይ ሒዝና ክሳብ ንምለስኩም ድሓን ቀንዩ።

**ጎደፋ።**